Justiz- und Sicherheitsdepartement des Kantons Basel-Stadt

**Generalsekretariat**

▶ **Gewaltschutz und Opferhilfe**

## ካብ ዓመጽ፣ ምፍርራሕን ላግጽ ንምክልኻል ዚግበር ኤለክትሮኒካዊ ምክትታል

ካብ ዓመጻ ምጉብዕባዕ ወይ ዳግም ካብ ሓደገኛ ሰብ ዝሓሸ ምክልኻል ምእንቲ ኽትረክብ ብመሰረት ZGB ኣርት. 28b እዚ ሰብ እዚ ናባኻ ኸይቀርብ ወይ ብእተወሰነ ዕላማ ኸይራኸበካ ክትጠልብ ትኽእል። ብመሰረት ዓንቀጽ ZGB 28c ኮድ ሲቭል እቲ ነዚ እገዳ እዚ ንምቍጽጻር እቲ ሓደገኛ ሰብ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒ ከምዝገብር ናብ ሲቪላዊ ቤት ፍርዲ ኽትሓትት ትኽእል። እቲ ዝቈጻጸር ሰብ ነዚ ንምቍጽጻር ዝወጽእ ወጻኢታት ኣበርክቶ ኽገብር ይግደድ ይኸውን።[1]

### ኤለክትሮኒካዊ ምቍጽጻር ብኸመይ እዩ ዝሰርሕ፧

ሓደ መልእኽቲ ዜመሓላልፍ መሳርሒ ምስ እግሪ እቲ ኺቈጻጸሮ ዘለዎ ሰብ ይላገብ። እዚ መልእኽቲ ዜመሓላልፍ መሳርሒ እዚ እቲ ሰብ መዓስ ኣበይ ከምምዃኑ ብጂ.ፒ.ኤስ. ይሕብር። ብዘይካዚ እቲ ለኣኺ ክውጻእ ወይ ኪቈጻጸር ከሎ ጸብጻብ ይህብ እዩ። (ኣብ ናይ ሓቂ ግዜ (ሽዑንሽዑ) ዘይኰነስ) እቲ ሰብ ነቲ እገዳ ጥሒሱ እንተ ኹይኑ ወይ እንተ ዘይኰይኑብዝተደጋገሚ ይምርመር። ንድሕሪት ምልስ ኢልና ኽንሓስቦ ኽለና ጥራይ ኢና ምጕዳል ፍትሒ እተራእዩ። ብኣካላዊ ዘይኰነ መገዲ (ብሞባይል፣ ተሌፎን፣ ዋትስኤፕ፣ ብተሌፎን፣ ብኢ-መይል፣ ብደብዳበ) ዚግበር ርክብ ኪልለ ኣይከኣልን እዩ።

### ኤለክትሮኒካዊ ምቍጽጻር ብኸመይ እዩ ዜዕቍበኒ፧

ኤለክትሮኒካዊ ምቍጽጻር እቲ ዚከታተሎ ሰብ ምትንኻፍን ኣቀራርባን ከም ዚኽልክል ውሕስነት ኣይከውንን እዩ። እንተኾነ ግን እቲ ሰብ ነቲ እገዳ እንተ ዘይተኣዚዝዎ እቶም ሰበ-ስልጣን (ብዳሓር ) ይርእይዎ። በዚ ኸምዚ ጥሕሰት ከም እተፈጸመን ኣበይ ከም እተፈጸመን ኪረጋገጽ ይከኣል እዩ። እዚ ኸኣ ነቲ ኣብ ሓደጋ ዘሎ ሰብ ነቲ ርክብ ከይግበረሉን ናብኡ ኸይኣቱን እተገብረ እገዳ ንኺእዘዝ ንምሕጋዝ ተባሂሉ እዩ።

### እንተ ተጣሒሱ እንታይ እዩ ዜጋጥም፧

ኣብ ድሓር ግዜ ("ፓሲፍ ሓለዋ" ተባሂሉ ዚጽዋዕ) ጥራይ እዩ ምጥሓስ ዚርኣ። እቶም ሰበ-ስልጣን ነዚ ጥሕሰት እዚ ኽርእይዎ ኸለዉ እቲ ሓደገኛ ሰብ መብዛሕትኡ ግዜ ድሮ ኻብቲ እተኸልከለ ቦታ ርሒቑ ኢዩ ዘሎ። ስለዚ እቲ ምጕዳል *ፍትሒ ድሮ*ስለ እተፈጸመን ብፖሊስ ክዕገት ስለ ዘይከኣለን ፖሊስ ኣይተፈልጠን። እቶም ሰበ-ስልጣን ነቲ ኣብ ስርዓት ሓለዋ እተፈጸመ ጥሕሰት እንተ ርእዮምዎ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልትታት ናብ ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕግን ናብ ሲቪላዊ ቤት ፍርድን ጸብጻብ ይገብሩ። ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ነቲ ተዓዛቢ መቕጻዕቲ ይህቦ። ብዘይካዚ እቲ ኹነታት እንተ ተፈጺሙ እቲ ሲቭላዊ ቤት ፍርዲ ነቲ ኤለክትሮኒካዊ ምቍጽጻር ኬናውሖ ይኽእል እዩ።

### ብዛዕባ ጥሕሰት ክፈልጥ ድየ፧

ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልትታት ከም እተጣሕሰ ክንነግረኩም (ቅዳሕ እቲ ጸብጻብ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ)። ብዛዕባ ምጕዳል ፍትሒ ኽትፈልጥ እንተ ዘይደሊኻ ንሲቭላዊ ቤት ፍርዲ ኽትነግሮ ትኽእል ኢኻ።

### ውሕስነት እንተ ዘይስምዓኒ እንታይ ክገብር እኽእል፧

ዜድልየካ እንተ ኹይኑ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ቍጽሪ ህጹጽ ኵነታት 117 ሒዝካ ናብ ፖሊስ ደዊልኩም።

### ደገፍ እንተ ደልየ ምስ መን ክራኸብ እኽእል፧

ኣብ ካንቶን (ክፍለ-ሃገር) ባሰል-ሽታድ እተፈላለየ ናይ ደገፍ ኣገልግሎት ኣሎ። ኣብ ናይ ህጹጽ ኵነታት ካርድ ክትውከሰሉ እትኽእል ኵሉ ምስኡ ዝተሓሓዝ ክኢላታት ኣብያተ - ጽሕፈት ክትረክብ ኢኻ።

➢ ናይ ህጹጽ ኩነታት ካርድ እንተላይ ኣብዚ፦
https://www.bs.ch/themen/sicherheit-und-demokratie/gewalt/haeusliche-gewalt/infomaterial-deutsch-und-fremdsprachen

---

[1] ሕጋዊ መሰረት፥ ፈደራላዊ ስፍሓት፦ ZGB ኣርት. 28b ከምኡውን 28c፦ https://www.fedlex.admin.ch/eli/cc/24/233_245_233/de (መርገጽ ጥሪ 2022)
ስፍሓት ካንንቶን፦-ብዛዕባ ምክልኻል እቶም ብዓመጻ እተጠቕዑ ሰባት ዚገልጽ ኤለክትሮኒካዊ ምክትታል (SG 212.191)፦-
https://www.gesetzessammlung.bs.ch/app/de/texts_of_law/212.191 (መርገጽ ጥሪ 2022)።

- እቲሓገዝ ግዳይ ባይደር ባሰል (Opferhilfe beider Basel) ብዛዕባ ማሕበራውን ሕጋውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሕክምናውን መድሕንን ገንዘብን ምኽሪ ይህብ፦ ቴል. 061 205 09 10፣ www.opferhilfe-beiderbasel.ch